ትምህርቲ ካልኣይ

ተገብሮ ወገኪር ዓረፍተ ነገር

፩.ተገብሮ ዓረፍተ ነገር

ሐደ ግብሪ ምትግባሩ(ምፍጻሙ)፣ምኂኑ ብዝገልጽ ግሲ ዝምሥረት ዓረፍተ ነግር ተገብሮ ዓረፍተ ነግር ይበሃል፤ንኣብነት “መጽአ ብእሲ” =ሰባኣይ መጸ እንትብል “መጽአ” ዝተብህል ግሲ ሰብኣይ ምምጽኡ ይገልጽ፤ዘምጽኦ መን ኣምጽኦ ኢሉ ናይግድን ኣየሐተካን፤ዘምጽኦ መን ከምዝኾነውን ንክትገልጽኣይትግደድን።ከምኡ'ውን “ተሐንጸ ቤት” ቤት ተሐነጸ እንትብል “ተሐንጸ” ዝትብሃለ ግሲ ብባዕዲ ፊደል“ተ”ብምጅማሩ ብቅርጹ“መጽአ”ካብ ዘተብሃለ ግሲ ዘፍለ እንትኾነ ቤት ምሕናጹ ይገልጽ፤እዚ'ውን ቤት ከምዝተሐነጸ እምበር መን ከምዘሐነጾ ኣየሐተካን።ነዚ ዝመስል ዓረፍተ ነገር ኩሉ ተገብሮ ዓረፍተ ነገር ይበሃል።

ኣብነት

ተግበሮ ግስ		በዓል ናይ	ልሳነ ትግራይ
ብዘይ “ተ” ዘንገር ተገብሮ ግሲ	፩.የበሰት ፪.ውሐዘ ፫.ደክመ ፬.በቁለ ፭.ነቅሐ	ምድር ማይ ሐያል እክል ብእሲ	ምደሪ ደረቐት ማይ ፈሰሰ ሐያል ደኸመ እክል በቁለ ሰብኣይ ነቐሐ
ብ”ተ” ዝንገር ተገብሮ ግሲ	፮.ተጠብሐ ፯.ተቀድሐ ፰.ተዘርአ ፱.ተሰብረ ፲.ተከፍለ	በግዕ ወይን ስርናይ ቀሱት ባሕር	በጊዕ ተሐረደ ወይኒ ተቐድሐ ስርናይ ተዘርአ ገንቦ ተሰበረ ባሕሪ ተኸፈለ

ከምዚ እናበለ ይንገር